Barn- och fritidsprogrammet



2010-12-15

# ፕሮግራም ቈልዓን ትርፊ - ጊዜን

TIGRINJA

Utbildningsinfo

Skolverket

ፕሮግራም ቈልዓን ትርፊ - ጊዜን። ናብ ሞያዊ ዲፕሎማ ዚመርሕ ፕሮግራም ሞያ እዩ፣

ፕሮግራም ቈልዓን ትርፊ - ጊዜን። ናብቶም ንቈልዑ። መንእሰያትን ኣባጽሕን ዚርእዩ ሥራሓት ኪሠርሑ ዘደልዩ ዚቐንዐ ፕሮግራም' ዩ፣ ብዛዕባ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕድመታትን ዚርከቡን ዝተፈላለዩ ተኽእሎታት ዘለዎ ሰባትን ድማ ትመሃር፣ ነዚ ፕሮግራም' ዚ ዛዚምካ። ወይ ብቐጥታ ሥራሕ ትጀምር ወይ ከኣ ትምህርትኻ ኣብ ኮለጅ ሞያ ክትቅጽል ትኽእል፣ ትምህርትኻ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽል' ውን ኮርሳት ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

## ሠለስተ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት

### ትርፊ - ጊዜን ጥዕናን

- ብዛዕባ ትርፊ - ጊዜ። ጥዕናን ጥዑይ ኣነባብራን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት ትምህርቲ' ዚ። ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ሥራሕ ከም ሠራሕተኛ ኣብያተ መሕጸብን። መሐምበስን። መካነ - ስፖርትን (ኢድሮትስፕላትስ) ከም ውልቀ - ዓላሚ (ፐርሾንሊግ ትሬናረ) ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍተልካ።

### ስነ - ትምህርታዊ ሥራሕ

- ብዛዕባ ኣመሃህራን ኣተዓባብያን ቆልዑ ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት ትምህርቲ' ዚ። ከም ኣላይ - ቆልዑን ሐጋዚ - ተመሃሮን (ኤለቭኣሲስተንት) ኮንካ ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍተልካ።

### ማኅበራዊ ሥራሕ

- ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነታት ምስ ሰባት ብኸመይ ከም ትዋሳእን ከመይ ጌርካ ኣዕጋቢ ደገፍን ኣገልግሎትን ከም ትህብ ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት ትምህርቲ' ዚ። ከም ዘብዐኛ። ውልቀ - ተሓጋጋዝን (ፐርሾንሊግ ኣሲስተንት) ንስንኩላን ዚርእዩ ኣብ "ዳግሊግ ቨርክሳምሄት" ወይ "ቡወንደ" ዚርከቡ ሥራሓት ትሠርሕ።

## ኣብዚ ፕሮግራም እትመሃሮም ነገራት

ሰባት ብኸመይ ከም ዚመሃሩ። ከም ዚዓብዩ። ከም ዝተሓባበሩን ከም ዚሰማምዑን ትመሃር፣ ከመይ ጌርካ ምስ ካልኦት ከም ትዋሳእን ብኡ ኣቢልካ ድማ ብኸመይ ኣብቲ ድሌታቶም ከም ተተኩርን ትዕለም፣ ሰባት ከመይ ኢሎም ብሓደ ከም ዚነብሩን። ኪምዕብሉ ኣየኖት ዕድላት ከም ዘለዎምን ክትፈልጥ ብዕምቈት ትሕስብ፣ ብዛዕባ ጥዕናን ሃዋህው ሥራሕን ትመሃር፣ ኣብዚ ፕሮግራም' ዚ ዓቢይ ሚዛን ዚወሃቦም ሕቶታት ከም እኒ ሥነ - ምግባር። ደሞክራሲያውያን ክብርታትን ሰብኣውያን መሰላትን እዮም።

## ኣሠራርዓ ናይ' ዚ ፕሮግራም ከም' ዚ ዚስዕብ ይመስል

ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። እቶም ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እዞም ዚስዕቡ እዮም። እንግሊዝኛ። ታሪኽ። ስፖርትን ጥዕናን። ሕሳብ። ሳይንስ።

ትምህርቲ ሃይማኖት። ማኅበራዊ ሳይንስ። ሽወደንኛ ወይ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ። ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። ሓያሎ ትምህርትታት ሞያ ማለት ምስቲ ሞያ ፍሉይ ዝምድና ዘለዎም (ካራክተሽኤምነን ዚበሃሉ) ትመሃር፤ እቶም ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ እትመሃሮም ዓይነታት ትምህርቲ ኸኣ ይንክዩ።

ምስ ፕሮግራም ዚዛመዱ ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ (ካራክተሽኤምነን) እዞም ዚስዕቡ እዮም። - ትምህርቲ ጥዕና። ሳይንስ። ስነ - ትምህርቲ (ፔዳጎጂ)። ማኅበራዊ ሳይንስ። ሽወደንኛ ወይ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ።

ኣብዚ ፕሮግራም ብፍሉይ ክእለት ክትውሕልልን ፍልጠትካ ከተግፍሕን ዕድል ኣሎካ። ትምህርቲ ምዕማቑ ድማ ይበሃል። ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወኪስካ ብዕምቈት ክትመሃሮም ትኽእል ዓይነት ትምህርትታት ዚውፍዩ እንተ ኾይኖም ኣረጋግጽ። ክትፈልጥ። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ሕተት።

## መልክዓት ሥራሕ

እዚ ፕሮግራም'ዚ ንውልቅኻ ወይ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ጠቕምቲ ግድላት ካብ ምፍታሕ ዚተበገሰ'ዩ። ተበግሶ ክትወስድን። ክእለት መሃዝነትካ ከተማዕብልን ትዕለም፤ ትካል ከመይ ጌርካ ከም ትኣሊ'ውን ትመሃር፣

## ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ

ክፋላት ናይዚ ትምህርቲ'ዚ እንተወሓደ ን15 ሰምንታት ኣብ ሓደ ወይ ሓያሎ ኣብያተ - ሥራሕ እዩ ዚካየድ፤ (ኣርበትስፕላትስፎርላግድ ለራንደ። APL) ኣብ ሥራሕ ዝተወዘዐ ትምህርቲ ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ፣ እዚ ኣገዳሲ ክፋል ናይ'ዚ ትምህርቲ'ዩ፤ ካብ ሸወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ'ውን ዕድል ኣሎ፣ እቲ ትቐስሞ ተሞክሮ ምስ ካልኦት ሰባት የላልየካ፤ ጸኒሕካ ሥራሕ ኣብ እተናድየሉ ጊዜ'ውን ደገፍ ይኾነካ፣

## ትምህርቲ ተልመደን

ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ - ተልመደን (ለርሊንስኡትቢልድኒን) ምምራጽ ይከኣል'ዩ፣ እዚ ማለት ድማ። ሓደ ዓይነት ትምህርቲ እንዳቐሰምካ። እንተወሓደ ፍርቂ ክፋል ትምህርትኻ ኣብ ሓደ ወይ ሓያሎ ቦታታት ሥራሕ ተሕልፎ፣

## ክትሓስበሉ ዘለካ

ብቕዓት ትምህርቲ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ኪህልወካ ድላይ እንተሎካ። ኣቐዲምካ መደብ ትምህርቲ ከተውጽእ ኣገዳሲ'ዩ፣ ኣብ ውልቃዊ ምርጫኻን (ኢንዲቪዱዌላ ቫለት)። እቲ ትምህርቲ ቤት ዚውፍዮ እንተ ኾይኑ ድማ። ኣብ ምዕማቑ ፕሮግራምን። እቶም ብቕዓት ትምህርቲ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ንምርካብ ዘድልዩኻ ኮርሳት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ፣ እዚኣቶም ድማ ትምህርቲ ሽወደንኛ። ትምህርቲ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን (ስቨንስካ ሶም ኣንድራ ስፕሮክ) ትምህርቲ እንግሊዝኛን'ዮም፣ ትምህርቲ ክትቅጽል መደብ እንተሎካ። ነማኸሪ ትምህርትን ሞያን (ስቱድየቬግሌዳረ) ረኺብካ ኣዛርብ፣

ብስም ውልቃዊ ምርጫ (ኢንዲቪዱወላ ቫል) ተወሳኺት ኮርስ ካብ ስፖርትን ጥዕናን ክትመርጽ ኩሉሳዕ መሰል ኣሎካ፣